### ንዓኹም ነቶም እትኽፈሉሉ ስራሕ ንዘይብልኩም

# ልቓሕ ንትምህርቲ ምዝዋር መኪና – ሓገዝ ኣብ ድልያ ስራሕ

ንስኹም እቶም እትኽፈሉሉ ስራሕ ዘይብልኩም እሞ፡ ገለ ረቛሒታት ድማ እተማልኡ፡ መዘወሪ ፍቓድ ደረጃ B- ንምውሳድ ዘኽእለኩም ገንዘብ ካብ CSN ክትልቅሑ ትኽእሉ ኢኹም። ሎሚ ሓያሎ ወሃብቲ ስራሕ፡ ደለይቲ ስራሕ፡ መዘወሪ ፍቓድ መኪና ክህልዎም ይሓቱ ስለዘለው፡ ምውናን መዘወሪ ፍቓድ ድማ ንምርካብ ስራሕ ከቃልል ይኽእል እዩ።

## ክንድዚ ክትልቅሑ ትኽእሉ

ዝበዝሐ ክሳዕ 15 000 ክሮነር ኢኹም ክትልቅሑ እትኽእሉ። እቲ ገንዘብ፡ በብኽፋል፡ ዝወሃብ ኰይኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊት 5 000 ክሮነር እዩ። ንትምህርቲ ፍቓድ ምዝዋር መኪና ዝኸውን ለቓሕ ንምርካብ፡ እቲ ትምሃሩሉ ቤት ትምህርቲ ምዝዋር መኪና፡ ብቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ትራንስፖርት፡ ቅቡል ክኸውን ኣለዎ።

**ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ?**
ኣብዚ እተዉ፡
csn.se/korkortslan ወይ
ኣብ 0771-276 000 ደውሉ

## ንትምህርቲ ፍቓድ መዘወሪ መኪና፡ ክልቃሕ ዝኽእል መን'ዩ?

ንትምህርቲ ምዝዋር መኪና ዝኸውን ለቓሕ ንምርካብ፡ ስራሕ-ኣልቦን ኣብ ክሊ ዕድመ 18–47 ዓመትን ዘለኹም ክትኰኑ ይግባእ። እቲ ቅድመ-ኩነት፡ ብመሰረት ዕድመኹም፡ ማለት 18–24 ዓመት ወይ 25–47 ዓመት ኰይኑ ይፈላለ (ምሉእ ቅድመ ኩነት ኣብ ዝቕጽል ገጽ ረኣዩ)። እቲ ልቓሕ፡ ንፍቓድ መዘወሪ መኪና ሽወደን ብደረጃ B ዝፍለጥ ብቕዓት ንምሓዝ፡ ማለት  መኪና ገዛን መኪና ቀሊል ጽዕነትን ንምሓዝ ዘፍቅድ እዩ ዝወሃብ።

## ብኸምዚ ኢኹም ትሓቱ

ንትምህርቲ ፍቓድ ምዝዋር መኪና ዝኸውን ልቓሕ ኣብቲ Mina sidor ዝበሃል ኣብ csn.se ኣቲኹም ኢኹም ትሓቱ። ካብ CSN ውሳነ ምስ ተቐበልኩም ድማ፡ ቀዳማይ እግሪ ክፍሊት ክወሃበኩም ትሓቱ። ማለት ብቐጥታ ዝመጽእ ነገር ኣይኰነን። ገንዘብ ክመጻኩም እንተኾይኑ፡ እቲ ትምሃሩሉ ቤት ትምህርቲ ምዝዋር መኪና፡ ንስኹም ኣብኡ ትምሃሩ ከምዘለኹም፡ ንCSN ክሕብር ኣለዎ። ድሕሪ'ዚ እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ እትኸፍልዎ መጠን ገንዘብ ንCSN ይሕብር፡ ድሕሪ'ዚ ድማ በብመስርዑ ከምዚ ጌርኩም ነቲ ዝቕጽል ክፍሊት ትሓቱ።

## እቲ ልቓሕ ክምለስ ኣለዎ

እቲ ለቓሕ ጸኒሑ ዝምለስ እዩ። CSN ካብቲ ዝለቀሖ ወለድ ገንዘብ'ውን ይወስድ እዩ። ኣብቲ ዝውቱር መዳይ ወርሓዊ 300 ክሮነር ኢኹም ክትመልሱ። እዚ ማለት፡ 15 000 ክሮነር እንተተለቂሕኩም፡ ከፊልኩም ንምውዳእ፡ ልዕሊ 4 ዓመት ይወስደልኩም ማለት እዩ። እንተደሊኹም ግን ቀልጢፍኩም ክትመልስዎ'ውን ትኽእሉ ኢኹም።

CSN nr 3110J/2002/översättning av 3110A-2002

## ልቓሕ ንምርካብ ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት

**ደላዪ ስራሕ 18–24 år**

ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ከም ደላዪ ስራሕ ምዝጉባት ክትኰኑ ኣለኩም። ብተወሰኺ'ውን ንሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ክልተ ኣማራጺታት ከተማልኡ ይግባእ:

- ቤት ጽሕፈት መራኸበቲ ስራሕ ኣብ ዘዳለውዎ መደብ፡ ብስራሕ-ን ብውሕስነት ምዕባለን እትሳተፉ፡ ወይ ድማ ኣብ ውሕስነት ስራሕ ንመንእሰያት እትሳተፉ ክትኰኑ ይግባእ። ናብ CSN እተቕርብዎ ጠለብ ክመጽእ ከሎ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ መደብ፡ ድሮ ምዝጉባት ኴንኩም ክትጸንሑ ይግባእ።
- ቤት ጽሕፈት መራኽብቲ ስራሕ ኣብ ዝከታተሎ መደብ መትከል እግሪ ተሳቲፍኩም ዝወዳእኩም ወይ ከኣ እቲ ናብ CSN እተቕርብዎ ጠለብ ክመጽእ ከሎ፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ መደብ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝተሳተፍኩም ክትኰኑ ይግባእ።

**ደላዪ ስራሕ 25–47 ዓመት**

ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ፡ ከም ደለይቲ ስራሕ ምዝጉባት ክትኰኑ ኣለኩም። እዚ እትሓቱሉ ዘለኹም መሕትት ናብ CSN ከተእትውዎ ከለኹም ድማ፡ እንተወሓደ ን ሽዱሽተ ኣዋርሕ ተመዝጊብኩም ዝጸናሕኩም ክትኰኑ ይግባእ። ብተወሰኺ፡ ካብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ንሓዲኦም ክተማልኡ ኣለኩም:

- ኣብዚ ዝተጠቕሰ ንውሓት ግዜ ስራሕ-ኣልቦ ኰይኑኩም ዝጸናሕኩም
- ኣብ መደብ ፖለቲካዊ ዕዳጋ ስራሕ እተሳተፍኩም ወይ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ግዜ፡ መደብ መትከሊ እግሪ ዝጸንሓኩም

CSN nr 3110J/2002/översättning av 3110A-2002